# ሪፖርታጅ ቁጽሪ 4

## ዛዛሚ ውዕሎታት ሰሚናር 6 ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ

**"ብቕኑዕ ራእይ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምውሓስ፡ ዓቕምታትና ንጥመር"** ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ጭርሖ ኪጋባእ ዝጸነሐ ሰሚናር 6 ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ'ቶም ሱሩዓት ኣጀንዳታቱ ንዘመዝገቦ ሓባራዊ እምነታት መሰረት ብምግባር መቋጸሪ ከገብር ኣብ ዘኽእሎ ነጥብታት ዘትኡ ቀጺሉ ውዒሉ።




ኣብዚ ናይ 16-17 ሕዳር 2015 ውዕልኡ፡ ኣብ'ቶም ከሳብ ሕጂ ኣብ ዘካየዶም ሓያል ክትዓትን ገምጋማትን ብምብጋስ፡ ንዘመዝገቦም ሓባራዊ እምነታት ኣብ ምንጻር፤ ፍልልያቱ ኣብ ምምሕዳር ክኸተሎም ዝግባእ ጥበባትን መርሆን ድሕሪ ምእንፋት፤ ሓያል ናይ ቃልሲ መሳርሒ ዝኾነ ልፍንቲ ከመይ ይፍጠር ኣብ ዝብል ኣጀንዳ ዓሚቕ ዘተን ገምጋምን ኣካይዱ።



በዚ መሰረት ድማ፡ ልፍንታት ፖለቲካዊ ውድባት ክምስረተሉም ዝግባእ ንጹራት ናይ ሓባር እምነታት ቀሪጹ፤ መርሆ መቆሚያታቱ ብዕግበት ኣነጺሩ። ካብዚ ዝተመዝገበ ናይ ሓባር እምነታት ብምንቃል ድማ ዝተጨበጡ ናይ ስራሕ መደባትን ቀዳምነታት ዝወሃቦም ዕዮታትን ብምንጻር ንኣተገባብርኦም ትልሚ ኣቐሚጡ።

ሰሚናር ዘመዝገቦም ዓበይቲ መክሰባት፡ ሓይሊ ተቓውሞና ዝጸንሖ መሰረታዊ ሕጽረታት ኣዳቒቑ ክርእይ ምብቕዑ፤ ጠንቆም ከለልይን ካብ ሱሮም ብምምሓው ኣብ ሓባራዊ እምነታት ዝተሰረተ ልፍንትታት፡ ረብሓታቱ መተካእታ ከም ዘይብሉ ከስምረሉ ምብቕዑን'ዩ።





ልፍንትታት፡ ናይ ብዙሕነት መግለጺታት ብምዃኖም ካብ ደሞክራሲያዊ መርሆ ወጻኢ ብሓባር ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ክምክቱ ከም ዘይክእሉ ሰሚናርና ኣስሚሩሉ፡፡ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ምቅባል ከኣ ኣብኡ እንከሎ ወሳንነት ህዝቢ ምእማን ብምዃኑ፡ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ብገዛኢ ስርዓትን ሓይሊ ተቓውሞን ዝንጸባርረቕ ዘሎ ኣግላልን በሓትን ዝኾነ ኣረኣእያ፡ ንቡዙሕነታዊ ክውንነት ብዘተኣናግድ መርሆ ልፍንቲ ኣቢልካ ምስዓሩ ከም ዝከኣል ሰሚናር ኣስሚሩሉ፡፡





ካብዚ መሰረታዊ እምነት ብምብጋስ ድማ፡ ሰሚናር 6 ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጡ ናይ ባህሊ፣ ኣተሓሳስባን ተግባርን ከብዖ ከመዝግብ ከም ዝግባእ ብምንጻር ነጥበ-መቐይሮ /Transformation/ ክገብር ዘክእሎ እምነ-መሰረት ኣንጺፉ፡፡
ሰሚናር፡ ኣብ ጽዑቕ ህዝባውን ሃገራውን ኣጀንዳ ተጸሚዱ ኣብ መንጎ መሓዙት ፖለቲካዊ ሓይልታቱ ንዘሎ ራእይን ዓቕምታትን ንምጥማር ሓያል ክትዓትን ገምጋማትን ኣብ ዝገብረሉ ዝነበረ እዋን፡ ካብ ኩሉ ኪርናዓት ዝውሕዙ ንዝነበሩ ናይ ደለይቲ ለውጢ ኣወንታዊ ደገፍ ብልቢ ኣመስጊኑ፡፡





ኣብ መወዳእታ ሰሚናር፡ ዝክረ ሰማእታት ብምግባር ዝቕነዮ ሰሚናር ሎሚ 17 ሕዳር 2015 ኣማስይኡ ዛዚሙ፡፡




18 ሕዳር 2025
ሽማግለ ዜናን ዶኩመንጸሽንን
ሰሚናር 6 ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡፡